ነጻ ማሕበር ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ንሰላምን ዲሞክራስን

جمعية المرأة الإريترية المستقلة من أجل السلام والديمقراطية

Independent Eritrean Woman's Association For Peace & Democracy

# ራብዓይ ጉባኤ ነጻ ማሕበር ኤርትራውያን ደቀ-ኣንስትዮ ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ደንማርክ ተኻይዱ




ብዕለት 9 መጋቢት 2018 ራብዓይ ጉባኤ ነጻ ማሕበር ኤርትራውያን ደቀ-ኣንስትዮ

ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ከተማ ሰንደርቦርግ ደንማርክ ተኽይዱ:: ማሕበርና ድሕሪ እቲ ብዕለት 8 መጋቢት 2018 ኣብ ከተማ ሀይግ ሆላንድ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ ደቂ ኣንስትዮ ደለይቲ ፍትሒ ንድርኡ ብምክያዱ: ዝያዳ ሓቦን ድርኽትን ለቢሱ ጉባኤኡ ብጽፉፍ ኣሰላሲሉ ::

 

ማሕበርና ዝተፈላለይ ሽንኻት ዝተለገሰሉ ንዋታውን ገንዝባውን ጉልባታውን ደገፋት ንዝለገሱ ኩሎም ብልቢ የመስግን ። ብፍላይ ድማ ንቦታዊ ቤት ምኽሪ ሶንደርቦርግ ብፍላይ ንኣባል አዚ ቤት ምኽርን ኣባል ሰልፊ ሶሻል ደሞክራት ደንማርክ ወይዘሮ ሙና ፈሃድ ፡ ንዝገበርቶ ዘይሕለል ምድግጋፍን ምኽርን ልባዊ ምስጋና ነመሓላልፍ። ከምኡውን ንኣሕጉራዊ ማሕበር Soroptimist International ንዝገበሩልና ገንዘባዊ ሓገዝ ብልቢ ነመስግን።





ብፍሉይነት ክነምስግና አንደልዮ ግን ንሓፍትናን ብጸይቲ ኤልሰ ፐላውቦው ካብ ፈለማኡ ጀሚራ ክሳብ መወዳእታ መዓልቲ ኣብ ኩሉ መዳያትን ብቐጻልን ዝገበረቶ ምትሕብባር ጥራይ ዘይኮነስ; ቃል ማሕባርና ናብ ቋንቋ ደኒሽ አብ ምትርጓም ዝከበርቶ ምትሕብባር ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ። ብተዋሳኺ ሲቪካዊ ማሕበር ደንማርክ Frelsens haer ጉቤናን በዓልና ክነካይድ ቦታን ምስ ምሉእ መሰራርሒ ንዋቱ ዝገበሩላን ነጻ ምትሕብባር ምስጋናና ነቕርብ።












ዓወት ን 8 መጋቢት

ዓወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ደቀ-ኣንስትዮ

ውድቀት ንግፍዓዊ ስርዓት ህግደፍ